ቤት ፍርዲ ቀዳማይ ወያነ ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ 1 ወያነ ጣብያ ሆሳእና ስፍሓቱ 325 ሜትር ካሬ ባዓል ሓደ ደብሪ ከምኡወን ኣብ ከተማ መቐለ ክ /ከተማ ሓድነት ጣብያ ስምረት ቀጠና ዳያስፖራ ስፍሓቱ 250 ሜትር ካሬ ባዓል ሓደ ደብሪ ብጨረታ ንክሸየጥን ንክሸወጥ ወሲኑ ኣሎ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 17, 2018 (ቅድሚ 6 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 17, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 17, 2018 6:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ገዛ/ህንፃ ሓራጅ/

ናይ ጨረታ ምልክታ

ኣፈ/ኸሳሲ፦ ኣይተ ሃይላይ ገ/ሚካኤል ኣ/ሻ፦ ከተማ መቐለ

ኣፈ/ተኸሳሲት ፦ 1. ወ/ሮ ክንደሃፍቲ ወልዱ ኣ/ሻ፦ ከተማ መቐለ

ኣብ ሞንጎኦም ብዝነበረ ናይ ሓዳር ሃፍቲ ክትዕ ኣመልኪቱ ብሸም ኣፈ/ተኸሳሲት ዝፍለጥ

1. ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ 1 ወያነ ጣብያ ሆሳእና ብመዋሰኒ ብምብራቕ - መንገዲ ፣ ብምዕራብ 21602/02 ፣ ብሰሜን መንገዲ ፣ ብደቡብ 21602/10 ፣ ዝዋሰን ስፍሓቱ 325 ሜትር ካሬ ባዓል ሓደ ደብሪ / ፍሉይ ቦታ ቀበሌ 16 ሰቨን ኢለቨን ቁፅሪ 2ተ ባዕሉ / ዝኾነ ብጨረታ ንክሸየጥን መበገሲ ዋጋ ብር 60,000,000.00 (ስሳ ሚልዮን ብር) ስለዝተደለየ

2. ኣብ ከተማ መቐለ ክ /ከተማ ሓድነት ጣብያ ስምረት ቀጠና ዳያስፖራ ብመዋሰኒ ብምብራቕ - መንገዲ ፣ ብምዕራብ ሙሉ ጌታ ፣ ብሰሜን ተክለ ወልዱ ፣ ብደቡብ ይተባረክ ፣ ዝዋሰን ስፍሓቱ 250 ሜትር ካሬ ባዓል ሓደ ደብሪ / ፍሉይ ቦታ መቐለ ዩኒቨርሲቲ እንስሳ ሕክም ካብ ኣስፋልት ናብ ሰሜን ገፅ እትው ኢልካ / ዝኾነ ብጨረታ ንክሸየጥን መበገሲ ዋጋ ብር 17,000,000.00 (ዓስርተ ሸውዓተ ሚልዮን ብር) ስለዝተደለየ ንክጫረት ዝደሊ ንክጫረትን ዝሰዓረ ድማ ናይቲ ዝሰዓሮ መጠን ኣቐዲሙ 10 % ወድያዊ ንክክኸፍል ዝኽእልን እቲ _ ዝተረፈ ድማ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ክኸፊሉ ዝክእል ንክጫረትን ናይ ጨረታ ዕለት ድማ ኣብ ታረ ቁፅሪ 1 ንዘሎ ዕለት 17/10/2018 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 – ሰዓት 6፡00 ዘሎ ንክጫረት ኣብ ተራ ቁፅሪ 2ተ ንዘሎ ድማ ዕለት 18/10/2018 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 – ሰዓት 6፡00 ቀዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ከተማ መቐለ ኣዚዙ ኣሎ። ናይ ጨረታ ውፅኢት ዕለት 19/10/2018 ንሰዓት 9፡00 ንክቀርብ ተኣዚዙ ኣሎ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle